# SMITTSKYDDSBLAD

## Patientinformation

Latent tuberkulos när behandling ej ges

Översatt till tigrinja

Version 2022-04-11

## ድጉል ዓባይ-ሰዓል - ሓበሬታ ንተሓከምቲ

**መከላኸሊ ሕክምና መዓስ ኣይወሃብን። ብሓኪም ምክልኻል-ለበዳ ዚወሃብ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ።**

**ዓባይ-ሰዓል ብኸመይ ይለግበካ?**
ሓደ ኣብ ሳምቡኡ ባክቴሪያ ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎ ሰብ ኪስዕል ከሎ፥ ነቶም ኣብ ውሽጢ ገዛ ምስኡ ዘሎዉ ሰባት ከልግበሎም ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ኣካላትካ ዚርከብ ዓባይ-ሰዓልን ድጉል-ሰዓልን ግን ኣይለግብን እዩ። ኣብ ናይ ኮተቴ-ዕድመ ዘይበጽሑ ቆልዑ ንሰብ ከልግቡሉ ልሙድ ነገር ኣይኮነን። እቲ ሓደጋ ምልባድ ዝዓበየ ዚኾነሉ ኣጋጣሚ፥ ኣብቲ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓደ ክፍሊ ብሓባር ትጸንሓሉ እዋን'ዩ። ንኣብነት ብሓደ ትነበር ምስ ትኸውን'ዩ።

**ድጉል ዓባይ-ሰዓል እንታይ ማለት'ዩ?**
ኵሎም ዝለገቦም ሰባት ብዓባይ-ሰዓል ይሓሙ'ዮም ማለት ኣይኮነን። ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት፡ እቲ ኣካላዊ-መከላኸሊኦም፡ ንምፍራይ ናይቶም ባክቴሪያ ኪዓግቶ ይኽእል'ዩ። እቶም ባክቴሪያ ኣብ ኣካላትካ ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም፥ ግን ድማ ንጡፋት ኣይኮኑን። **እዚ ሃለዋት'ዚ ድማ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ዚበሃል።**

**ድጉል ዓባይ-ሰዓል ምህላው - ሕማም ኣይኮነን**
ብድሕሪ ምርመራ-ደም (ኢግራ-ተስት) ወይ ምርመራ-ቆርበት (ቱበርኩሊን-ተስት) ምግባርካ፥ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ኣሎካ ተባሂልካ ምስ ትንገር፥ ዝኾነ ምልክት ሕማም ዓባይ-ሰዓል የብልካን። ንስኻ ውን ነቶም ባክቴሪያ እቲኦም ናብ ካልኦት ሰባት ክተሕልፍን ኣይትኽእል ኢኻ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ካልእ እዋን ናይ ህይወትካ ብዓባይ-ሰዓል ክትሓምም ትኽእል ኢኻ፡ እቲ ንኺጋጥመካ ዘሎ ሓደጋ ግን ጸቢብ እዩ። በዚ ምኽንያ'ዚ ድማ፡ ዚበዝሕ እዋን ድጉል ዓባይ-ሰዓል ንዘሎዎም ሰባት ዝኾነ ሕክምና ምሃብ ኣየድልን እዩ።

**ኣብ ገለ ኵነታት ግን መከላኸሊ-ሕክምና ይወሃብ'ዩ**
ገለ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ንኺሓሙ ኣብ ሓደጋ ዘሎዉ ሰባት፥ መከላኸሊ-ሕክምና ኪገብሩ ይዕደሙ እዮም። እዚ ድማ፡ ቅድም-ቀዳድም ኣብ ጊዜ ጥንሲን ብድሕሪ ሕርሲን፥ ንቖልዑን መንእሰያትን ከምኡ ውን ነቶም ድኹም መከላኸሊ-ዓቕሚ ዘሎዎምን ሰባት እዮም። ንኣብነት ኣብ ናይ ሕክምና ካንሰር ዘሎዉ ሰባት፥ ንሕክምና-ሽኮር ኢንሱሊን ዚወስዱን - ከቢድ ናይ ኵላሊት ሕማም ንዘሎዎም ሰባትን እዩ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ነቶም ሓድሽ መልከፍቲ ዓባይ-ሰዓል ዘጋጠሞም ሰባት ውን መከላኸሊ-ሕክምና ይወሃብ'ዩ።

**ርክብ ምስ ሓኪም**
ንስኻ/ንስኺ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ኣላትካ፡ እንተ ኾነ ግን፡ ብገምጋም ናይቲ ዶክቶርካ ንግዚኡ ሕክምና ምግባር ኣየድልየካ እዩ። ንመጻኢ ጊዜ እንተ ደኣ ንነዊሕ ዚጸንሕ ሰዓል (ካብ 3 ሰሙን ንላዕሊ) ኣጋጢሙካ፥ ለይተ-ለይቲ ኣርሂጹካ፡ ረስኒ ወይ ብዘይድሌትካ ምጒዳል-ሚዛን ኣጋጢሙካ ግን፥ መታን ምርመራ ዓባይ-ሰዓል ኪግበረልካ ምስ ሓኪም ርክብ ክትገብር ይግብኣካ። ብተወሳኺ፡ ጥንሲ እንተ ደኣ ሒዝኪ፡ ወይ ብኢንሱሊን ዚፍወስ ሕማም-ሽኮር ሒዙካ/ኪ፥ ከቢድ ሕማም ኵላሊት ምስ ዘጋጥመካ፥ ወይ ሕክምና-ካንሰር ምስ ትገብር፥ ወይ ብካልእ ምኽንያት መከላኸል-ኣካልትካ ምስ ዝዳኸም፥ ምስ ሓኪም ርክብ ግበር። ኣብዞም ዝተጠቕሱ ኵነታት ብሕማም ዓባይ-ሰዓል ንኽትጥቃዕ ዝልዓለ ሓደጋ ኣሎ።

**ናይ ርክብ ሓበሬታ (*Kontaktuppgifter*)**

ስም ናይ ክሊኒክ *(Namn på mottagningen)*

……………………………………………………………………………

ቴሌፎን/ናብ ክሊኒክ ዚድወለሉ ሰዓታት *(Telefonnummer/telefontid till mottagningen)*

…………………………………..……………………………………

SMITTSKYDD SKÅNE
040–33 71 80